**Date: 13-05-2006** **Ref: EESA/ER COM/FESTIVAL/PROP/06**

# ጸውዒት ንምውላ ባህላዊ ፈስቲቫል

ባህሊ መግለጺ መንነትና፣ ትእምርቲ ጽንዓትናን ተወፋይነትናን፣ መሰረት ዝተቓለስናሉ ክብርታት ናጽነት፣ ሓርነትን ደሞክራስን፣ መሐየሊ ለውጥን ተበላሓትነትናን ተወሲዱ ይስረሓሉ ኣሎ። ስለዚ ባህላዊ ሰውራን ቃልስን ደኹን ምስግጋር ባህላዊ ውርሻ ከም ኣገዳሲ ዒላማ ፖለቲካዊ መስርሕ ህንጸት ሃገር ኣብ ኩሉ ሸነኻት ይውሰድ። ኣብ ግዳም ዝነብር ኤርትራዊ ነዚ ከም ቀንዲ ዕማም ኪወስዶ ዝካየድ ጻዕሪ ድማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኪዛይድን ኪሕይልን ይረአ። ስለዚ ድማ ሃገራዊ ሓድነት ንምሕያልን ኤርትራዊ መንነትን ባህልን ንምድልዳልን በዚ ኣቢልካ ድማ ሓላፍነታዊ ተሳትፎን ኣበርክቶን ዜጋታት ንምስፋሕን ካብ ዝውሰድ ዘሎ ስጉምትታት ሓደ ኣብ ኩሉ ሃገራት ወጻኢ ውዳበ ኤርትራዊ ኮሙኒቲ ምርግጋጽ ኮይኑጸኒሑ ኣሎ።

ኣብ ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃ'ውን እዚ ጠመተ ኪግበረሉ ጸኒሑ። ኤርትራዊ ማሕበረ-ሰባት ንምውዳብ ጻዕርታት ኪካየድ'ውን ጸኒሑ ኣሎ። ጌና ሓያል ጻዕርታት ከድልዮኳ እንተኾነ፣ ተኣሚኑሉ ይስረሓሉ ኣሎ። ኣብ ቀጻሊ እዋናት ብስሩዕን ውዱብን ዝኾነ መንገድታት እቲ ዝድለ ፍረ ከምዝህብ ንምግባር ድማ ከይተሓለልካን ብዓቕልን ኪጸዓተሉ ኢዩ። ኣብዚ ጻዕሪ'ዚ ባህላዊ ንጥፈታት፣ ምስግጋር ባህላዊ ውርሻ፣ ምዕቓብን ምምዕባልን ቋንቋታትን ባህልን ኤርትራ ጠመተ ዝወሃቦ ኢዩ።

ንዝግበር ጻዕሪ መታን ኪድግፍ ኪሕሰበሉ ካብ ዝጸንሐ ጉዳያት ግን፣ ባህላዊ ጉጅለ ካብ ኤርትራ ኣምጺእካ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ፈስቲቫል ብምግባር ኤርትራዊ ከምዝራኸብ፣ ብፍላይ ቆልዑን መንእሰያትን ድማ ባህሎም ዘስተማቕርሉን ዝዋስእሉን መንገዲ ምፍጣርን ኢዩ። ሃገራዊ ሓድነትን መንነትን ኣብ ምሕያልን'ውን ዓቢ ኣገዳስነት ተዋጊኡዎ። በዚ መሰረት ኣብ ዝሓለፈ ዓመት Sponsorship ረኺብካ ሃገራዊ ባህላዊ ጉጅለ ኤርትራ (ስብሪት) ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንምምጻእ ተፈቲኑ ነይሩ ኢዩ። ኩሉ ምድላዋት ምስተወደአ ድማ ምስ መወልቲ ኣብ ሕቶ ምወላ ብዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ከይተተግበረ ተሪፉ። ሎሚ ግን ከምቲ ልሙድን ዘሐብንን ባህሊ ኤርትራ ነብሸኻ ኪኢልካ ብናይ ኤርትራውያን ጻዕርን ምወላን ንምትግባሩ ሓድሽ ተበግሶ ይውሰድ ኣሎ። ስብሪት ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንሓደ ሰሙን ንምምጻእን ኩሉ ኤርትራዊ ዝራኸበሉን ብሓባር ባህሉን መንነቱን ዘድምቐሉን ሃገራዊ ሓድነቱ ዘደልድለሉን መንገዲ ድማ ኪፍጠር ኢዩ። ስለዚ ኣብ ዛምቢያ፣ ዚምባብወ፣ ቦትስዋና፣ ለሶቶ፣ ሞዛምቢክ፣ ስዋዚላንድ፣ ናሚቢያ፣ ኣንጎላ: ደሞክራሲያዊ ረፑብሊክ ኮንጎ፣ ኮንጎ፣ ከምኡውን ደቡብ ኣፍሪቃ ዘለዉ ኢርትራውያን ከምሓደ ስድራ ብሓደ ልቢ ከም ሓደ ህዝቢ ጠርኒፍካ ድማ ፈሲቲቫል ኪካየድ ኢዩ።

ነቲ መደብ ንምትግባር ከኣ፣ ብቐዳምነት US $ 25,000 - 30,000 ካብ ኤርትራውያን ንምውጻእ ኪጸዓር ኢዩ። ነዚ ንምትግባር ኩሎም ኣብ ቢዝነስ ዓለም ተዋፊሮም ዘለዉ ኤርትራውያን ብሓባር ነዚ ሓሳብ'ዚ ኢደይ ኢድካ ኢሎም ከምዝምውልዎ ኪግበር ኢዩ። ነዚ ንምግባር ከኣ ኣብ ዛምቢያ፣ ኣንጎላ፣ ቦትስዋናን ካልእ ሃገራትን ዘለዉ ሰብ ቢዝነስ ኤርትራውያን ነቲ ዒላማ ንምውቃዕ ዘኽእል ብርክት ዝበለ ገንዘብ ከበርክቱ ይሕተት። ንመጻኢ መበገሲ መታን ኪኸውን ከኣ እተን ቀንዲ ኩባንያታት ኤርትራውያን (ከም ከረን፣ ቀይሕ ባሕርን ኣብ ዛምቢያ፣ ዳህላክን ቀይሕ ባሕርን ኣብ ኣንጎላ፣ ኣብ ዚምባብወን ቦትስዋናን ዘለዋ፣ ወዘተ.. ከም ቢዝነስ መሻርኽትን መወልትን ብመዲያ፣ ኢንተርነት፣ ጋዜጣን ካልእ መወዓውዕን ናይቲ ፈስቲቫል ብምቕላሕ) ኤርትራዊ ወፍርን ቢዝነስን ንምፍላጥን



1281 Cobham Road
Queenswood, 0186
Pretoria

Tel: +27-12-333-1302
Fax: +27-12-333-2330
e-mail: eremb@lantic.net

PO Box 11371
Queenswood, 0121
Pretoria

ነብሸኻ ናይ ምኽእል መቐነትናን ባህልናን ዳግማይ ንምምስካርን ከም ዒላማ ኪተሓዝ ኢዩ። ኩሉ ካልእ ኤርትራዊ'ውን ኣብዚ በብዓቕሙ ከምዘወፈ ኪግበር ኪጸዓር ኢዩ። ነቲ ፈስቲቫል ብካልእ ተወሳኺ መንገድታት ንምምዋልን ንምብርካትን'ውን ጻዕርታት ኪካየድ ኢዩ።

ምስዚ ብምትእስሳር ድማ ኣብ ደቡባዊ ኣፍሪቃ ናይ ዝርከቡ ኤርትራዊ ሰብ ቢዝነስ ሓደ ማሕበር ዝምስረተሉ መንገዲ'ውን ኪፍጠር ኢዩ። ብተመሳሳሊ ሙያዊያንን ምሁራትን ብሓደ ሸኽ ደቂ ኣንስትዮ ናይዚ ከባቢ'ውን ብካልእ ሸኽ ነናይ ገዛእ ርእሶም ውዳበን መርበብን ከምዝፈጥሩ ንምግባር ዝርርብን መበገስን ኪካየድ ኢዩ። ብፍላይ ሙያዊያን ብገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ ዝተፈላለየ ንሃገራዊ ልምዓት፡ ሙያዊ ምዕባሌታት፡ ማሕበራዊ ሽግራት ስደትን ሕማማትን፡ ወዘተ.. ዝምልከቱ ሓጸርቲ ዓውደ ምይይጣት ከምዝውድቡ ኪግበር ኢዩ።

ንኣወዳድባ ዝምልከት ዝርዝር ኣብ ቀጻሊ ኪወጽእ ኢዩ። እቲ ፈስቲቫል ኣብ መስከረም 2006 ኪካየድ ይሕሰብ። ክልተ ምሸት ድማ ናይ ኤርትራዊያን ባህላዊ ለይቲ ኪካየድ ኢዩ። ነቶም ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ወጻኢ ዝመጹ መቐበሊ ኣጋይሽ ዝኸውን ገዛ ተኻሪኻን፡ ንቁሩብ መዓልቲ ዝኸውን መደቐሲ ኪዳሎን፡ ሓደ ብኤርትራዊያን ዝእለን ዝውደበን ካፍተሪያ ፈጢርካ ድማ ከምዝእንገዱ ከግበርን ይከኣል ኢዩ። እቲ ፈሲትቫል ንሰለስተ መዓልቲ ጥራይ ዝጸንሕ ስለዝኾነ ድማ ዝፈጥሮ ተጽዕኖ ኣሎ ኪበሃል ኣይክእልን። ስብርቲ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ዝጸንሕሉ ግዜ ግን ናይ ቢዝነስ ኮሙኒቲን ሰበስልጣን መንግስትን ሕእደ ምርኢት ዝገብርሉ መደብ ኪህሉን እንተተኻኢሉ ኣብቲ ኣብ ጂሃንስበርግ ዝካየድ ናይ ባህልን ስነ ጥበብን ምርኢት ከምዘቐርቡ ብምግባር ተፈላጥነት ኤርትራ ንምድማቕ ተወሳኺ ጻዕርታት ኪግበር ኢዩ።

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ነዚ ቅዱስ ሓሳብ እዚ ናብ ኤርትራዊያን ዜጋታት ኪውርድ እንከሎ፡ ኤርትራዊ ዘለዎ ፍቕሪ ሃገርን ሓቦን ተቐኒቱ፡ ብኢደይ-ኢድካ ተእምር ናይ ምስራሕ ዘይነጽፍ ዓቕሚ ከምዘለዎ ብምእማን ኢዩ። ስለዚ ነቲ መደብ ካብ ሕጂ እኹል ምድላዋት መታን ኪግበረሉ ከም ልማድኩም ብዘይምንፋግ ኣበርክቶኹም ኣብዚ ተታሓሒዙ ዘሎ ፎርም ክሳብ 31 ግንቦት 2006 መሊእኩም ክትሰዱልና ብሃንቐውታ ንጽበ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ፕረቶሪያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ



**1281 Cobham Road**
**Queenswood, 0186**
**Pretoria**

**Tel: +27-12-333-1302**
**Fax: +27-12-333-2330**
**e-mail: eremb@lantic.net**

**PO Box 11371**
**Queenswood, 0121**
**Pretoria**